# ንፖለቲካ ኦሮሞ 'ዘይተረድኦት' ትግራይ!

ተኸሊት ገብረመስቀል

**ቁልፊ ነጥብታት**

- ትግራይ ናብ ክልተ ወሰን እንትድፋእ፥ ኦሮ-ማራ ንማእኸል!

- ንትግራይ ግዜ ክምንጥልዋ ይኅዩ ዘለው ስትራቴጂካዊያን ፀላእቲ፡፡

- ንግዜ ይመናጠሉ ዘለው ሓይልታት ኸባቢና ኸ?

- ግዜ ኣንፃር ትግራይን ኦሮሞን ተሰሊፉ ኣሎ፡፡

- ትግራይ! ፈታዊትና ወይ ፀላኢትና!

- ስሕተት ሃይለስላሴን ህወሓትን

# ትሕዝቶ

1. ታሪኻዊ መበቆል ........ 3
2. ሓፈሻዊ ባህሪ ፖለቲካ ኦሮሞ ........ 3
ሀ. ብልፅግና ኦሮሞ ........ 3
ሀ.1 ንስልጣን ........ 4
ሀ.2 ንስለ መንነት ........ 4
3. ነዞም ምልክታት ብምንታይ መነፀር ንርአዮም? ........ 4
ሻዕብያ ወ ህወሓት: ........ 4
ኣምሓራ VS ኦሮሞ ........ 4
ፌድራሊስት ሓይሊ ኦሮሞ(በቢዓይነቱ) ........ 5
ሃገራዊ ሓይሊ ኦሮሞ ........ 5
4. መደምደምታ ........ 6
ትግራይ ከ ኣበይ ኣላ? ........ 6
ትግራይ ትሰርሖ ዘላ ስሕተት እንታይ እዩ? ........ 6
ትግራይ እንታይ ትደሊ? እንታይ ከ ትግበር? ........ 6
ትግራይ እንታይ ትግበር? ........ 6
ኦሮሞን ትግራይን ኣበይ ይራኸቡ? ........ 7

## 1. ታሪኻዊ መበቆል

ብሄረ ኦሮሞ ዝበሃል ህዝቢ ትርጉም ብዘለዎ መልክዕ ናብ ማእኸላዊ ባይታ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ዝመፅአ ብሃፀይ ምንሊክ ነይሩ፡፡ እዚ ብሄር ናብታ ሐዚ ዘላ ኢትዮጵያ ኣብ ማእኸላ እንትኽሰት፡ ፖለቲካ ትግራይ ብኣንፃሩ ናብ ክልተ ተመቒሉ ክልቲኡ ወገን ወሰን እታ ሐዚ ዘላ ኢትዮጵያ እዩ ኮይኑ፡፡ ነዚ ኩነት ቀንዲ ተፃዋቲኡ ድማ ኣካል ሸዋ ዝመራሒኡ ናይ ሐዚ ብሄረ ኣምሓራ ነይሩ፡፡ እታ ሐዚ ዘላ ኢትዮጵያ ብሃፀይ ምንሊክ ድሕሪ ውድቀት መንግስትነት ንጉሰ ፅዮን ሃፀይ ዮሃንስ እንትትምስረት፡ ንብሄረ ኦሮሞ ኣብ ማእኸል ብምትካል ንተጋሩ ግና ናብ ኤርትራን ትግራይን ዝብሃላ ወሰናት እዩ ደፊእዎም፡፡ እዚ ከይዲ ታሪኽ ድማ ካሊእ ክስተት ወሊዱ፡፡ ፖለቲካ ምንሊካዊት ኢትዮጵያ ህንፀተ ሃገራ ንኣምሓራ ማእከል ገይራ (ከም ፎኪስ ዓቕሚ ኮይና) ንካልኦት ክተሕቕቕ ብዙሕ ከይዳ፡፡ ዕውት ብዝመስል ህንፀተ ሃገር ምኽንያት ኣብቲ ህንፀተ-ሃገር ብዙሕ ሕቶ ክለዓል ስለዘይኸኣለ ድማ ማርክሲዝም ዝብሃል ኣብ ውሁብ ሃገር ዝድረኽ 'ደቂ ሓንቲ ሃገር' ኣብ ዝኾኑ ዜጋታት ዝላዓል መደባዊ ሕቶታት መሰረት ዝገበረ ርዕዮተ ዓለም ኣብ ተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ቅቡልነት ረኺበ፡፡ ተሓሕት/ህወሓት ሓደ ካብዚኦም ኮይኑ ተወሊዱ፡፡ ካብቶም ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ ዝተመስረቱ ውዳበታት ንህወሓት ዝወለደ ካሊእ ወሳናይ ነገር ነይሩ፡፡ ኢህኣፓን መኢሶንን ዝኣመሰሉ ኣብቲ ውህብ ሃገርን ከይዲ ህንፀቱን ሕቶ ከይልዕሉ ከይሸራረፉ ከምዘለዎ ክቕበሉ ርዱእ ነይሩ፡፡ እዚ ማለት ነቲ ኣምሓራዊ ህንፀት ንምቕባል ዘፅግሞም ኣይነበረን ኣይነበረን ከም ማለት እዩ፡ ፡ ንህወሓት ግን ፖለቲካ ትግራይ እውን ክፀልዎ ግድን ነይሩ፡፡ ስለዚ ድማ ኣብቲ ውህብ ሃገር ከም ዘለዎ ኮይኑ ቅርፁን ህንፀቱን ግን ንመንነት ትግራይ ዝቕበል ስለዘይነበረ ክሓሚዙቁዎ ግድን ነይሩ፡፡ ማርክሳዊ ትርጉም ህንፀተ ብሄረ-ሃገር ድማ ነዚ ፀገም ከም ቀንዲ መፍትሒ ኮይኑ መፀ፡፡ እቲ ሓሳብ ኣብ ሕገመንግስቲ ሓደ ናይ ፖለቲካ ወ ኢኮኖሚ ማሕበረሰብ ክፈጥር እየ ኢሉ እንትቕንብበ ድማ ንረኽቦ፡፡ ነዚ ሓሳብ ዕንቅፋት ኮይኑ ዝተረኽበ ድማ እቲ ዝነበረ ህንፀት ኣምሓራዊነት እዩ፡፡ እዚ ህንፀት ንደቡቡ ዘሎ ኣምሓራይ ጌሩ ወዲኡ ነይሩ እዩ፡፡ ንሰሜን እውን ፅልውኡ ቀሊል ኣይነበረን፡፡ ነቲ ሓዱሽ ህንፀት ሓደ ርእሰማላዊ ማሕበረሰብ ዕንቅፋት ክኸውን ድማ ግድን ነይሩ፡ ክበታተኽ ድማ ነይርዎ። በዚ ምኽንያትን ምእንተ ስልቲ ክብሃልን ድማ ብሄረ ኦሮሞ ቅርፂ ዘለዎ፣ ኣንፃራዊ ብሄራዊ ናፃ መንግስቲ ዝወነነ፣ ብቛንቁኡ ዝማሓደር ብሄር፣ ዓብዪ ህዝቢን ግዝኣትን ዝወነነ ኮይኑ ክመፅእ ኸኣለ፡፡ እዚ ከይዲ ከምታ ምንሊክ ንተጋሩ እንትመቅል ዝገበራ፡ ኣምሓራ ክኸውን ንእሽቶ ተሪፍዎ ንዝነበረ ኦሮሞ ካብ ሑቆ ኣምሓራ ኣራገፎ፡፡ ኦሮሞ ማለት ንተጋሩ ኸምታ ንኣምሓራ ኤርትራ ዳርጋ ማለት እያ፡፡ መቂሎምና፥ መቂልናዮም!፡፡

## 2. ሓፈሻዊ ባህሪ ፖለቲካ ኦሮሞ

ኦሮሞ ናብ ባይታ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ማእከል ኮይኑ እንትመፅእ ተበታቲኑ እዩ ኣትዩ፡፡ ድሕሪኡ እውን ቀጥታ ናብ ኣምሓራዊ ፅዕነት እዩ ኣትዩ፡፡ እዚ ከም ሓደ ዓብዪ መበገሲ ኮይኑ፤ ጥንኩር ቅርፂ ዘለዎ ፖለቲካ ዝወነነ ዓዲ ኣይኮነን፡፡ ተቀያያሪ ባህሪ ፖለቲካ ዝወነነ ዓዲ እዩ፡፡ በቲ ሓደ ገፅ ኢህኣዴግ ዝወለዶ መንነታዊ ወለዶ በቲ ካሊእ ገፅ ዝተፈላለየ ሃይማኖት፣ ዓሌት፣ ምውላድን ምዝማድን፣ ማእኸልን ወሰንን ዘካተተ ምኺኑ ይኹን ዝተጓነየ ፖለቲካዊ ታሪኽ ምህላው ወሳሲኽኻ እንትረአ ብዙሓት ተፃወትቲ ኣካላት ክህልውዎ ግድን ይኸውን፡፡ እዚ ማለት ከም መጠን ማእኸልነቱ ከም ኣምሓራ ሓደ ዝኾነ ማሕበረሰብ ኣለዎ ዘብል ኣይኮነን፡፡ ስለዚ እቲ ድሌት ንምንፃር ካሊእ ታሕቲ ንፅሕፎም ነገራት ክነምፅእ ኢና፡፡ በዚ መነፅር ባይታን ሓይሊታትን ኦሮሞ ክንንፅር ግድን ይኸውን፡፡ምእንተ ንፁር ምስሊ ክህልውና ኣብ ዝሓለፈ ዝተሓተመለይ ፅሑፍ ዘለው ነጥብታት ብዝተወሰነ መልክዑ ክድገሙ ይኽእሉ እዮም፡፡

### ሀ. ብልፅግና ኦሮሞ

ኣብ ውሽጢ ኢህኣዴግ ዝተወለደ ሓይሊ እዩ፡፡ ፈለማ እንትመፅእ ካብ 'ስልጣን' ሓሊፉ እዙይ ዝብሃል ትልሚ ነይሩዎ ዘብል ምልክት ኣይርኣየን፡፡ እንተኾነ ግን ካሊእ ወላዲ ምኽንያት ክህልዎ ግድን እዩ፡፡ ተቓውሞ ኦሮሞ ሒዝዎም ዝተላዓሉ ምስቲ ፌድሬሽን ዝተተሓሓዙ ነይሮም፡፡ ሓፈሻዊ ፅላል ተቓውሞ ኦሮሞ ድማ ሓቃዊ ፌድሬሽን ናብ ተግባር ይምፃእ ዝብል ነይሩ፡፡ ካብዚ ተበጊስና ድማ ብልፅግና ኦሮሞ ዝተወለደሉ ባይታ ስልጣንን ሓቃዊ ፌድሬሽን ምትግባርን ዝብሉ ነይሮም ምባል ንኽእል፡፡ እዚ ሓይሊ ንህወሓት ከም ቀንዲ ሓይሊን ኣብ ትግራይ ሙሉእ መዋቕራዊ ዋንነት ከም ዘለዎን ተገንዚቡ ዝተበገሰ ኾይኑ ነቶም ካልኦት ሓይሊታት ትግራይ(ሓሳባት እውን) ትርጉም ዘይብሎም ምኺኖም ዝደምደመ ነይሩ፡፡ ስለዚ ክዓ፥ ኣንፃር ህወሓት ንምግጣም ዝረኸቦ ኹሉ 'እናደመረ' ክመፅእ ነይሩዎ፡፡

ቀስ ኢሉ ኦሮማዊ ምልክት ከርኢ ዝጀመረ እዚ ሓይሊ፡ ካብቶም ዋና ሰባቱ ሓደ ዝኾነ ፕሬዚዳንት ክልል ኦሮሚያ ሽመልስ ኣብዲሳ 'ሑቆና ንዝሰበሩና ሑቁኦም ሴርናዮም' ክብል ተሰሚዑ። ቢሮክራሲ ብኦሮሞ ምምላእ፣ ምስረታ ሸገር፣ ትንኮሳ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖት ኦርቶዶክስን ዝኣመሰሉን ድማ ሰዓቡ፡፡ እዙይ ስለ ምንታይ? ንዝብል ድማ ተኾኑታት ክነውፅእ ንፈትን።

*ሀ.1 ንስልጣን*

እዚ ሓይሊ ንስለ ስልጣን እዩ ዝገበሮ(ኦሮማዊ ምልክት ከርኢ ዝጀመረ ኣብ ውሽጡ ኣሎ) ንምባል ሰለስተ ምኽንያታት ኣለዉ፡፡ ቀዳማይ፦ ኣብ ውሽጢ ኢህኣዴግ ዝተወለደ እዚ ዉዳብ ስልጣን እንታይ ምዃኑ ኣደግዲጉ ይፈልጥ እዩ፡፡ ካልኣይ፦ ሓደ ሓደጋ ስልጣን እዚ ሓይሊ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ብሄርተኛ ኦሮሞ እዩ፡፡ ናይዚ ብሄርተኛ ሓይሊ ኣውያቱ ክምንጠል ኣለዎ ኢሉ ድማ ይኣምን፡፡ ሳልሳይ፦ ውልቃዊ ባህጊን ባይታን ኣብይ ኣሕመድ ቀርቃራይ ባህሪ ክህልዎ እዩ፡፡ እዚ ድማ፡ ብልፅግና ኦሮሞ ናይ ስልጣንን 'ንግስናን' ሓይሊ ዘምስሎ ቀንዲ ምኽንያት ንረኽበሉ ቦታ እዩ፡፡ እቲ ምንታይ ሲ ነቲ ሰብኣይ ብሓፂሩ ውልቃዊ ዛዕባ ፖለቲካዊ እዩ ኢለ ምስ ብሄራዉ ድሕረ ባይትኡ ዘለዎ ዘይእሙን ረኽቢ ተዓዚብካ ናይ ስልጣን ሰብ ናብ ምዃን ዘዘንብል ምዃኑ ንምግንዛብ ቀሊል እዩ፡፡ ሃይማኖቱ ዝቐያይር ምንባሩ፣ ሰበይቱ ጓል ጎንደር ምዃናን ነዚ ሲዒቡ ዝተወለዱ ንፁሃን ህፃናት ደቁ ክህልዎም ካብ ዝግባእ ዓዲ(ኢትዮጵያዊነት) ኣንፃር እውን እንትተሓሓዝ እሙን ብሄራዊ ኦሮሞ ክኸውን ክፅገም እዩ፡፡ ፎተየ ፀለአ ምስ ሓይሊ ኦሮሞ ክደላለ ግን ግድን እዩ።

*ሀ.2 ንስለ መንነት*

እዚ ሓይሊ ንስለ መንነት እዩ ከምኡ ዝኸውን ዘሎ ዘብሉ ምኽንያታት እውን ኣይሰኣኑን፡፡ **ቀዳማይ፦** ትግራይ ኣብ ሙሉእ ቁፅፅር ስታሊናዊ ተረኽን ምልክትን እናሃለወት ኦሮሞ ብመንነታዊ ህንፀት ትጫድር ነይራ፡፡ ቋንቋ፣ ባህሊ ምሕደራ፣ ምልክታታ፣ ስነልቦና ኦሮሞ ክድልድሉ ዕቱብ ስራሕ ይሰርሑ ነይሮም፡፡ ስለዚ ወለዶታቱ መንነት ከም ስልቲ እንተይኮነ ከም ባዕሎም ክወስድ ዘኽእል ባይታ እኒኣዎ፡፡ ነዚ እውን ነይሩ ተቋውሞ ኦሮሞ ነቲ ናይ ህወሓት ናይ ስልቲ(ይምስል) ፌድሬሽን ናብ ሓቃዊ ፌድሬሽን ከመፅእ ኣለዎ ዝብል ሓደ መዋለዲ ባይታ ብልፅግና ኦሮሞ ኮይኑ ዝመፅአ፡፡ **ካልኣይ፥** እዚ ሓይሊ መንነታዊ ተግባራት እንትፍፅም ብዙሕ እዋን ዝተረአየ ዛዕባ እዩ፡፡ ንኣብነት ቀንዲ መግለፂት "ሰሜናውያን" ኢሉ ዝሓስባ ቤተ ክርስትያን ኦርቶዶክስ ተውሃዶ ክፈታትና ተራእዩ እዩ፡፡ ካሊእ ሽመልስ ኣብዲሳ ኣብ መንግስታዊን ህዝባዊን ባዓላት ዝኸደንዎም ሕብርታት ኦሮሞ፣ ምስረታ ሸገር፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተዘክሮታት ኣምሓራዊ ተረኽ ዘለዎም ከባቢታት ምፍራስ፣ ቢሮክራሲ ብኦሮሞ ምምላእ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ምልክታት እዮም፡፡

## 3. ነዞም ምልክታት ብምንታይ መነፀር ንርአዮም?

### *ሻዕብያ ወ ህወሓት፡*

ኣብ ህንፀት ብሄረ-ሃገር ኣመልኪቱ ዝተፈላለዩ ክልሰ ሓሳባት ኣለው (ዝርዝሩ ሕቶ ትግራይ ብመንፅር ክልሰ ሓሳባዊ መቓን ዝብል መፅሓፈይ ምርኣይ ትኽእሉ)፡፡ ሻዕብያን ህወሓትን ኣብ ዘመናዊ ክልሰ ሓሳብ ብሄርን ብሄራዊነት ዝዓልቡ፡ ብኽይዲ ግዜ ነቲ 'ታሪኻዊ መንነት' ዘጥፍኡ ክልተ ክልሰ ሓሳባት ዝድረኽ ህንፀተ ሃገር ኣለዎም(ሕቶ ትግራይ)፡፡ ሻዕብያ ኣብ invention እንትድረኽ፡ ህወሓት/ማለሊት ድማ ብእኒ ጌልነር ኣብ ዝስጎም ማሕበረ ባህሊ (Socio-cultural)ዝወድቅ ክልሰሓሳብ ኣለዎ፡፡ ንምንታይ? እንታይ ማለት እዩ? እንታይ ኣስዒቡ? ቀፃሊ ዕፅኡ ኸ? ብዝርዝር ኣብ መፅሓፍ ሕቶ ትግራይ ሃሰስ በልዎ፡፡ ኣብ ሓፂር እዋን ግን እቶም ክልተ ክልሰ ሓሳባት ነኒ ባዕሎም ዝባልዑ እዮም፡፡ እቲ ደማዊ ባእሲ ክልቲኦም ሓይሊታት እውን ኣብታ 'ሓፃር' እዋን ኣመልኪታ ትስዕብ ነገር ይንጥልጠል፡፡

### *ኣምሓራ VS ኦሮሞ*

**ኣምሓራ** ነቲ ዕሉል ነገዳዊ ዓሸራ(Ethnosymbolism) ሊሂቅ ዝተሸከመ ማሕበረሰብ እዩ፡፡ እዚ ማለት ነቲ ብታሪኽ እናዓንበበ ዝመፀ መግለፂ መንነታቱ ከም ድርኩኺት መንነት ኢትዮጵያ ዘቕምጥን ከቕምጥ ዝቃለስን ፅኑዕ ሊህቅ ዝተሰከመ ንምባል እዩ፡፡ መግለፂታት እዚ ክልሰ ሓሳብ ቋንቋኻ፣ ምልክታትካ(ሕብሪ፣ ኣከዳድና፣ ሙዚቃ ወዘተ) ከም መንነት ሃገር ገይርካ ምትራኽ፣ ምስራፅን ናብ መድረኽ ክመፁ ምቅላስን ማለት እዩ፡፡

**ኦሮሞ** ንብልፅግና ዓብሊሉ ዝርከብ ኦሮሞ ነቲ ዓብላላይ ዝነበረ ተረኽ ኣምሓራ ክሰብር ሕይኽ ይብል ኣሎ፡፡ ሃይማኖት፣ ዲሞግራፊ፣ ቋንቋ፣ ምልክታት ኣዲሳኣባ ክፍርስ ፈቲኑ ኣሎ፡፡ እዚ ብቀንዱ መግለፂ ነገዳዊ-ዓሸራ (Ethnosymbolism) ምዃኑ ምሓዝ ድማ የድሊ፡፡

በዚ መንፅር ንስልጣን ጥራይ እንተኮይኑ ከመይ ክሳብ ክንድዚ ከኽድ ኪኢሉ? ዝብል ምሕታት እውን ግድን እዩ፡፡ ካብ ኦሮሞ ብሄርተኛ ወፃኢ ኣምሓራ፣ ህወሓት፣ ሻዕብያ፣ ኢትዮጵያኒስት ተጋሩ ስትራቴጂያዊ ፀላእቲ ስልጣኑ እዮም፡፡ ግን ምስ ኣብ ዓዱ ብሄርተኛ ምዃን ዝተሓላለዝ እታ ናይ ውሽጢ ኦሮሞ ቁቡልነት እያ፡፡ ግን ንስለ ውሽጣዊ ፖለቲካ ክብሃል ክንድዚ ምኻድ ብኣንፃር እቶም ካልኦት ሓደጋ ኽ? መኒኡ ዝገደደ ሓደጋ የምፅእ ምርጫይ የግድስ እዩ፡፡ ስለዚ መንነታዊ ዘይኮነ ንስልጣን ክብል ክሳብ ክንድዚ ከኸይድ ኣዝዩ መፀገሚ ክኸውን እዩ፡፡

ኻሊእ ድማ፡ 'ኦሮሞ ማእኸል ኢትዮጵያ ስለዝኾነት፡ ወናኒት እታ ሃገር ክትኸውን ትኽእል እያ' ዝብል ድማዳመ ክሕዝ ዘኽእል ሙሉእ ምኽንያት ኣለዎ፡፡ እዚ ትግራይ ኣይተዓደለትን፡፡ ንዕኡ እዩ እቲ ንህወሓት ካብ ብመንነት ተጋሩ ከህነፅ ዝኽእል ዓዲ ናብ ህንፀት 'ርእሰማላዊ መንነት' ዘጓየዮ ምኽንያት፡፡ ስለዚ እዙይ እቲ ናይ ኦሮሞ ብልፅግና መንነታዊ ክኸውን ከም ቀንዲ ደረኻይ ምኽንያት ንውሰዶ፡፡ ተወሳኺ ድማ፡ ፀላእነት ኤርትራ ንኦሮሞ ከምቲ ንህወሓት ዘይደልዮ እዩ፡፡ ኣብ ላዕሊ ከምዝተቀመጠ ክልሰ ሓሳባዊ ሰረት ሻዕብያ ወ ህወሓት/ማለሊት ብነዊሕ ከይዲ ነኒዓርሶም ዝደጋገፉ ይኹኑ እምበር(ፀላእቲ Ethnosymbolism እዮም) ፥ ብሓፂር እዋን ግን ነኒባዕሎም ደማውያን ፀላእቲ ተገይሮም ዝቖፅሩ እዮም፡፡ እዚ ናይ ሻዕብያ ሰረት ክልስ ሓሳብ(Inventionism) ንናይ ኦሮሞ Ethnosymbolism ይኹን ንናይ ማለሊት socio-culturalism(ጌልነርያን) ፀላኢ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ኢልና እንትንሓት ዝመፀልና መልሲ እዚ ሰረተ ክልስ ሓሳባት ንትግራዋይ ዝብሃል መንነት ናይ ግዜ ረብሓ ስለዝህብዎ እዩ፡፡ ሲምቦሊስት ኦሮሞ ሓይሊ soft power ስለዘይብሉ እቲ ኺይዱ ውሕጠት ተጋሩ ተገዲዱ ሰላሕታዊ ከገብሮ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ናይዚ ሓይሊ ሓደ ኣብቲ ፀገም ሶፍትፓወር ግዜ ንምዕዳግ ክብል ፌድሬሽን ክቅፅሎ ዘኽእል ዕድል ኣሎ እዩ ዝብል እዩ፡፡ እዚ ድማ ንሻዕብያ ግዚኡ ኣቃፂሉ መዋቐራዊ ህላወ ተጋሩ ዘቕፅል ይኸውን። ቀንዲ ፀላኢት 'ሆብሰዋምያን(inventionist) ኤርትራዊነት' ድማ ትግራይ እያ ዝብል ምኽንያት እዩ፡፡

ሐዚ ካብ ዘሎ ጭቡጥ ኩነት ተበጊሰ ብልፅግና ኦሮሞ ናብ መን የዛዙ? ዝብል ናብ፡መንነታዊነት ይዛዙ ዝብል እዩ፡፡ እዚ ዘይኮነ ተሪፉ ንስልጣን ጥራይ ዝተዳለወ ሓይሊ ንብል እንተኮይኑ ኽ? ዝብል መርሚርካ ምሕላፍ ግድን ይኾውን፡፡

ክልተ ረብሓታት ድማ ኣለዎ፡፡ ሓደ፥ ንሕና ኣብዚ ንዓና ብዝረብሕ መልክዑ እዚ ሓይሊ መንነታዊ ክኸውን ክንልውጦ ንክእለሉ ዕድል ኣለና፡፡ ካልኣይ፥ እንተኸፍአ፡ ንስልጣን እንተኾይኑ ድማ ንዓና ግዜ ንዕድገሉ ዕድል ክፍተት ጥምት ኣቢልና መሽሎኺ ኣይንስእንን፡፡ ሳልሳይ፥ እዚ ሓይሊ ንስልጣን ኢሉ ብዝሰርሖም ኣብ ኦሮሞ ብቀፃልነት ዝፍጠር ወለዶ ሙሉእ መንነታዊ (Ethnosymbolist) ክኸውን ባይታ ዘቕምጥ ምኳኑ ልቢ ምባል የድሊ፡፡ ግዜ ግን ዓብዩ ፀገሞም ምኳኑ ግልፂ እዩ(እዚኣ ብደንቢ ንሓዛ)፡፡ ግዜ!

## ፌድራሊስት ሓይሊ ኦሮሞ(በቢዓይነቱ)

ኣብዚ መደብ ዝምደቡ ኦሮሙማ ዝብል ብበዝሒ ህዝቢን ሪሶርስን ክትጥቀም ኣለዋ ኢሎም ብግለፂ ከመፅኡ ዝደልዩ እዮም፡፡ ውሳነታት ሶፍት ፓወር እውን በዚ መልክዕ ክውስኑን ከፍፅሙን ዝደልዩ ሓይሊታት ዝሓቑፈ ባይታ እዩ፡፡ ኣብዚኦም፥ ሕፅረት ክልሰሓሳብ ዋላ ዘለዎም ይኹን (geninuely እንተወሲድናዮም) ንተጋሩ ግና ግዜ ዝዕድግን ኣንፃራዊ ሓርነት ዘበርክት ሓሳብ ኣለዎም፡፡

## ሃገራዊ ሓይሊ ኦሮሞ

እዚ እቲ ፌድሬሽን ይኹን ዕብለላ ኣይሰርሕን ስለዚ ሐዚ ሓይሊ ረኺብና እናሃለና ሃገረ ኦሮሞ ንመስርት ዝብል ቁሩብን ዝተበታተነን ሓይሊ እዩ፡፡ እዚ መማረፂ እዚ ብልፅግና ይኹን እቲ ፌድራሊስት ከም ካልኣይ መማረፂ ዝሓዝዎ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ሐዚ ብሃንደበት ካብ ኣራትኪሎ እንተዝባረሩ ነዚ ካልኣይ መማረፂ(Plan B) ክገብርዎ ዘኽእል ባይታ ኣለዎም ማለተይ ግና ኣይኮነን፡፡ እዚ ሓይሊ ግና ብክልሰሓሳብ ብርኪ ንፁር መንነታዊ እዩ፡፡

ቀንዲ ተፃዋቲ ኦሮሞ መን ኣሎ? እቲ ዋና ሰብ ሹቶል ብልፅግና ኦሮሞ ኮይኑ እቶም ካልኦት እውን ቀሊል ዘይበሃል ግደ ኣለዎም፡፡ ብልፅግና ኦሮሞ(ብቃላትን ሓሳባትን ሽመልስ ክግለፁ ዝኽእሉ) ሚዛን ኣሕልዩ ትርጉም ዘለዎ ተፃዋታይ ክኸውን ዓብዩ ተራ ኣለዎም፡፡

## 4. መደምደምታ

ፖለቲካ ኦሮሞ በቲ ዋና ተፃዋታይ ሓይሊ ብልፅግና ኦሮሞ እኳ ኸይድና እንተሪእናዮ፡ ተጋሩ ፀጊምና ዘሎ ናይ ግዜ ሕፅረት ኦሮሞ እውን እታ ግዜ ዓባይ ሕፅረቱ ስለዝኾነት ክልቴና እንደላለየሉ ኹነታት ዓብዪ ምኳኑ ምግንዛብ ንኽእል፡፡ እዙይ ማለት ብልፅግና ኦሮሞ ንኢትዮጵያ ኦሮሞ ክገብራ ግዜ ከድልዮ እዩ፡፡ ብኣንፃር ትግራይ እንትልካዕ ዓሰርተታት ዓመታት ክወስደሉ እዩ፡፡ ተጋሩ እውን በቲ ገጢምና ዘሎ ፀገም ግዜ ምዕዳግ ንደሊ ኢና፡፡ እዚኣ ከይትኾውን ሻዕብያን ኣምሓራን ረቢቦም ይሰርሑ ኣለዉ፡፡

### ትግራይ ከ ኣበይ ኣላ?

ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ብህወሓት እናተመርሐት ፀኒሓ እያ፡፡ ህወሓት ድማ ከም ሻዕብያ ኣንፃር መንነታውያን ተሰሊፉ ርእሰማላዊ መንነት ክሃንፅ ሕርዲግ ይብል ኣሎ፡፡ ኣብዚ ብኣንፃር ህወሓት እንተትርእ(ብኣንፃር ሻዕብያ ብግልባጥ እዩ) ኣብ ህንፀት ሃገራዊ መንነት ስትራቴጂካዊ ፈታዊኡ Inventionist ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት እንትኾውን፤ ስትራቴጂካዊ ፀላእቱ ክዓ መንነታውያን ትግራይ(ኤርትራውያን ተጋሩ ሓዊሱ)፣ ኣምሓራ፣ ኦሮሞን እዮም፡፡ እዚ ንሊሂቃን ትግራይ ኢሉ እውን ቀርኒ ኣፍሪቃ (?) ሓዱሽ ነገር ከምዝኾነ እርደአኒ እዩ( መደናገሪ እውን እዩ)፡፡ እቲ ሓቂ ግን ንሱ እዩ፡፡ (ዝርዝሩ ሕቶ ትግራይ ሪኢኻ ምምጓት ክፍቲ እዩ)፡፡

### ትግራይ ትሰርሖ ዘላ ስሕተት እንታይ እዩ?

ምንሊክ ንትግራይ ሕቑኣ መቂልዋ፡፡ ቀዊላ ኤርትራ ሓሳባት ሊበራላዊ ዓለም ተቋዲሳ፡፡ ድሕሪ ብዙሕ ዓሰርተታት ሃይለስላሴ ኣምሓራዊት ኢትዮጵያ ፈጢረ እየ ኢሉ ምስ ሓሰበ ኤርትራ እውን ክሕቆቅ ናብ ኢትዮጵያ ሓዊሱ ተረኽ ኣምሓራ ፂዒንዋ፡፡ ብሄራዊ ጎነፅ ኣልዒላ፡፡ ንትግራይ ሰሪቡ፡፡ ትግራይን ኤርትራን ተደጋጊፈን ንኣምሓራዊት ኢትዮጵያ ናብ ብዙሕ ቢሄራት ክፈርስ ገበረኦ፡፡ ነዚ ተግባር ሃፀይ ሃይለስላሴ ሃብታሙ ኣለባቸው(2009) 'ዓብዪ መዋቕራዊ ዝንፈት' ይብሎ፡፡

ናይ ህወሓት ትግራይ ንስለ ስልቲ ርእሰማላዊ መንነት ክትብል ንኣምሓራዊት ኢትዮጵያ በቲኻ ኦሮሞ ዝብሃል ቅርፂ ብሄር ኣቐሚጣ፡፡ እንተኾነ ግን፥ ንስለ ስልቲ ስለዝነበረ ኦሮሞ መንነታዊ ኮይኑ ምስ መፀ ከም ስትራቴጂካዊ ማሓዛ ክትቆፅሮ እናተፀበና ከም ስትራቴጂካዊ ፀላኢ ተወሲዱ፡፡ ንዕኡ ክተፍርስ እውን ዝተቃለሰት ትመስል፡፡ ምኽንያት ትግራይ ማለት ህወሓት ኮይና ስለዝቀረበት እዩ ኮይኑ፡፡ እዚ ስሕተት ልክዕ ነቲ ናይ ሃይለስላሴ ስሕተት ከም ምድጋም እዩ፡፡

### ትግራይ እንታይ ትደሊ? እንታይ ከ ትግበር?

ትግራይ ሐዚ እትደልዮ እቲ ወሳኒ ሃፍቲ ግዜ! ግዜ! ግዜ! እዩ፡፡ ክትትንስእ ንግዜ ምፅባይ፡፡ ፀላእታ ክዓ እዛ ግዜ ከይትህሉ ይፅዕሩ ኣለዉ፡፡ ስትራቴጂካውያን ፀላእቲ ትግራይ ዝኾኑ ዕላማ ህወሓት/ማለሊት፣ ሻዕብያ፣ ኣምሓራ እታ ግዜ ከይተግኘ ይቃለሱ ኣለዉ፡፡ ህወሓት ድሕሪ ሐዚ ግዜ እንተሂቡ ሓደ ስትራቴጅያዊ ፀላኢ ርእሰማላዊ መንነት ዝኾነ ኦሮሞዊ 'ፀቢብነት' መንነት ኣብ ኢትዮጵያ ክዕብልሎ እዩ፡፡ ትግራዋይ መንነት እውን ምስኡ ወጊኑ ከተርንፆ እዩ፡፡ ሃገራዊ ህንፀት ኤርትራዊነት እውን ንትግራዋይነት ቀርቂሩ ናብ ምሕቃቕ ርእሰማላዊ መንነት ክፈስስ ዘግድዶ ዝነበረ ክስእኖ እዩ፡፡ ኣጀንዳታት ተፈናቀልቲን ምዕራብ ትግራይን እውን ክስእን ይኽእል እዩ፡፡ሻዕብያ ብወገኑ ግዜ እንተሂቡ፡ ትግራዋይ ግዜ ረኺቡ መዋቅራዊ ህላውኡ ከረጋግፅ እዩ፡፡ እዚ ድማ ነቲ ነቀይ ነቀይ ዝብል ሃገራዊ መንነት ኤርትራ ብግዜን ምዕባለ ፖለቲካ መንነት(Ethno symbolism) ፖለቲካ ኤርትራን ተደማሚሩ ክፍርሶ እዩ፡፡ ኣምሓራ ግዜ ከይህብ ድማ፡ ሻዕብያን ኤርትራዊ መንነትን ከም ምሓዝኡ ክስእኖ እዩ፡ ብትግራይን ኦሮሞን ክቕርቀር እውን እዩ፡፡ ብኡ ኣቢሉ ኢትዮጵያ ናተይ ምባል ሓዲጉ ናብቲ ዝፀልኦ መንነት ኦሮሞ ከይሕወስ ክብል እቲ ዝፀልኦ ወግዒ 'ምንፃል'(ሃገረ ኣምሓራ) ክፅውዕ እዩ፡፡ ስለዚ ግዜ! ግዜ! እቲ ቀንዲ ሓይሊታት ከባቢና ዝመናጠልሉ ዘለዉ ሃፍቲ እዩ፡፡

### ትግራይ እንታይ ትግበር?

**ቀዳማይ፥** ትግራይ ካብ ቀመር ፖለቲካ ህወሓት ትውፃእ፡፡ ኣብ ታሪኽ ዓለም ከም ትግራዋይ ንስለ መንነቱ ተቓሊሱ፡ እቲ ዝመርሖ ሊሂቁ ግና ነቲ መንነቱ ከም ስትራቴጂካዊ ፀላኢ ዝቆፅር ማሕበረሰብ ኣብ ዓለም ተርእዩ ዝፈልጥ ኣይመስለንን፡፡ ምኽንያቱ እዚ ድማ ህንፀት ርእሰማላዊ መንነት ህወሓት ኣብ ካሊእ ዓዲታት ብሊሂቃን ማእከል ካብ ስለዝተሰነመ ሓሳብ ስለዝምዘዝ እዩ፡፡ ትግራይ ብመንፀር ህወሓት(ናይ ሐዚ ብቤት ፅሕፈት ዝምራሕ ንምባል እዩ) ምርኣይ እንተዘይኣቋሪፃ፥ ንትግራይ ሐዝዋ ዘጠፍእ ኩናት ከም ቀዳማይ መማረፂኣ ምውሳዳ ኣይቐርይን፡፡

**ካልኣይ፥** ትግራይ ዘላቂ ፍታሓ ምስረታ ናይ ባዕላ ዓዲ ጌራ ክሳብ ሽዑ ግን እቲ ድሕሪ ዮሃንስ ወዲቃትሉ ዘላ መዋቕራዊ ሕሽክርና ብግቡእ ትረዳእ፡፡ ሃሰስ እንተይላ፡ ከምዚ ከማና ግዜ ብኣንፃሩ ክዃዓዞ ይረአ ንዘሎ ብሄረ-ኦሮሞ ክትረክብ እያ፡፡ ግዜ ኣንፃር ትግራይን ህወሓት ከም ኡውን ኣንፃር ኦሮሞታት እዩ፡፡ ግዜ ምግዛእ ወሳኒ ዘኾነሉ ሓደ ምኽንያት ድማ ነዚ እዩ።

## ኦሮሞን ትግራይን ኣበይ ይራኸቡ?

ኦሮሞ እንተ ንስልጣን እንተ ንመንነታዊ ህንፀት ብዘይግድስ ግዜ ይደሊ እዩ፡፡ ኣብ ስልጣን ክፀንሕ ኣለዎ፡፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ፡፡ ኣንፃር እዛ ግዜ ዝዃዓዙ ዘለዉ ድማ ኣምሓራ፣ ኤርትራን ህወሓትን እዮም፡፡ ምኽንያታቶም ኣብ ላዕሊ ኣቐሚጥና ኢና፡፡ እዛ ግዜ እዚኣ እተብርከተሉ ትግራይ እያ፡፡ ስለዚ ንትግራይ ዝደልያ ብደጋፊነት ጥራይ እዩ፡፡  ሞንጓዊነት ብፍፁም ኣይደልዮን፡፡ ካብ ሞንጓዊነት ኩናት ይመርፅ! ኩሎም ፀላእቲ ትግራይን(ካብ ህወሓት እንተረኺቡ እውን ደሚሩ) ንህወሓት ብምውጋድ ኣዝያ ድኽምቲን ደጋፊት ኦሮሞ ካብ ምኧን ወፃኢ ካሊእ ኣማራፂ ዘይብላ ትግራይን ክመርፅ ግድን እዩ፡፡

ትግራይ እውን ከም ብሄር ክትቅፅል እንተኾይና፥ ሐዚ ናብ ኩናት ክትኣትው የብላን፡፡ ስትራቴጂካውያን ፀላእታ ኣምሓራን ሻዕብያን ናብ ኩናት ክትኣትው ይደልይዋ፡፡ ህወሓት እንትጠፍእ ትግራይ ሒዙ ከምዝጠፍእ ከምዝኾነ ወይ ድማ ከምኣ ክገብሩ ምኻኖም ስለዝፈለጡ እዩ፡፡ ስለዚ ትግራይ ነታ ግዜ ክትገዝእ ክትብል ነታ ግዜ እትገዝእ ኦሮሞ ክትድግፍ ኣለዋ እብል፡፡

ሰላም!